ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الإرترية الوطنية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

## ኣገዳሲ መጸዋዕታ
## ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ

እቲ ቅድሚ ምዝዛም 2011 ክጋባእ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ተሳትፎ መላእ ህዝብና ይኹን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘረጋግጽ፡ ከምኡ'ውን ብዘይዝኾነ ፍልልይ ንኩሉ ብዙሕነት ሕ/ሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ፡ ኤርትራውያን ብስልጡን ኣገባብ ሕድሕድ ዘተን ልዝባትን ዘካይድሉ፡ ዕውት መጋብኣያ ኮይኑ ክወጽእ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ብዋዕላ ብዝተነበረሉ ረዚን እምነት መሰረት ብሓልዮትን ሓገዝን ህዝብና ብርቱዕ ጻዕርታት ክገብር ጸኒሑን ኣሎን።

እቲ ዕማም ሓባራዊን ሃገራዊን ዋኒን ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ነፍሲ ወከፍ ሞያ ዘለዎ ኤርትራዊ ዜጋ ኣርማ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምድላው ክሳተፍ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብክብሪ ጻውዒቱ የቕርብ። እቲ ዝዳሎ ኣርማ ንዕላማታት ሃገራዊ ጉባኤን ሸቶኡን ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብሰለስተ ቋንቋታት ማለት ትግርኛን ዓረብኛን እንግሊዘኛን ክቐርብ ብትሕትና እናሓተትና ነዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልእ ክኸውን ይግባእ።

- ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘቓላጥፍ ወሳኒ መድረኽ ምዃኑ ዘንጸባርቕ፡-
- ንምድልዳል ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓድነትን ብዙሕነት ሕ/ሰብናን ዘንጸባርቕ፡-
- ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተደላይነት ምምዕባል ሕድሕድ ሃናጺ ዘተን ልዝብን ዘንጸባርቕ፡-
- ኣብ ኤርትራ ሰላምን ርግኣትን ምርግጋጽ ዘለዎ ተደላይነት ዘንጸባርቕ፡-
- ኣብ ኤርትራ ልዕልነት ሕግን ፍትሕን ምህናጽ ዘለዎ ተደላይነት ዘንጸባርቕ፡-

እቲ ንድፊ ኣርማታት መወዳእታ ዝቐርበሉ ዕለት 31/07/2011 ምዃኑ እናሓበርና፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢ-መይል ENCDC2011@gmail.com ክትሰዱልና ብትሕትና ነዘኻኽር። ተዓዋቲ ከኣ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ክብሪ ጋሻ ኮይኑ ከም ዝዕደም ነረጋግጽ።

**መተሓሳሰቢ፣**
እቲ ብሰብ ሞያ ተዳልዩ ንኮምሽን ዝስደድ ኣርማታት ሕጋዊ ንብረት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ይኸውን። ኮምሽን ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ነቶም ረቛሒታት ወይ'ውን ኣገባብ ምድላው ኣርማ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ምምሕያሽን ምቅያርን ምሉእ መሰል ከም ዘለዎ ንሕብር፡

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!
ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ!!
ስዕረትን ውድቐትን ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ!!

**ሽማግለ ዜናን ሓበሬታን**
**ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ**
**07 ሰነ 2011**
**www.encdc.com**